Department for Levelling Up, Housing & Communities

**Rt Hon Michael Gove MP**
*Secretary of State for Levelling Up, Housing and Communities*
*Minister for Intergovernmental Relations*

***Department for Levelling Up, Housing and Communities***
4th Floor, Fry Building
2 Marsham Street
London SW1P 4DF

**Email:** GrenfellTowerSite@communities.gov.uk
**Phone:** 0303 444 0011

17 ታሕሳስ 2021

ኣብ ውሑስን ደሓንን ኩነታት ክትህልዉ ተስፋ ይገብር።

ኣብ ዝሓለፉ ቁሩብ ኣዋርሕ፣ ምስ ዝተጎድኡ ኣባላት ዘለዉዎም ቤተሰባት፣ ካብ ሓደጋ ዝተረፉ ሰባት ከምኡ`ውን ወከልቲ ጉጅለታት ኣኼባታት ጌረ ብዕለት 4 ሕዳር ብዝጸሓፍኩልኩም ደብዳቤ ርእይቶታተይ ምስ ኩሉኹም ተኻፊለ ኔረ። ቀጺሎም ብዛዕባ ዝህልዉ ስጉምትታት ክጽሕፈልኩም ይደልይ።

እቶም ቀንዲ ዝተጸልዉ ሰባት ዝብልዎ፣ ማለት **ብዛዕባ ናይ ግረንፈል ታወር መጻኢ ውሳነ ዝውሰደሉ ግዜ ሕጂ ከምዘይኮነ** ብግልጺ ሰሚዐ ኣለኹ። እቲ ዝተዋህበ ርእይቶ፣ ክሳብ ሎሚ ዝተገብረ ምይይጥ ብታህዋኽ ከምዝነበረን፣ ኩሉ ሰብ ርእይቶ ክህብ እኹል ግዜ ከምዘይተዋህበን ዝሕብር እዩ። ነቶም ክብልዎ ዝደልዩ ክሳብ ሕጂ ክብሉ ዘይከኣሉ ኣኽብሮት ንምርኣይ፣ ነዚ ተወሳኺ ግዜ ምሃብና ትኽክል እዩ። ነቶም ኣቐዲሞም ርእይቶታቶም፣ ሕቶታቶምን ዘተሓሳስብዎም ነገራት ዝገለጹ የመስግኖም። እዚኦም ርእይቶታት እዚኦም ኣብ ግምት ከም ዝኣትዉን፣ ዳግም ምሃብ ከምዘድልየኩምን የረጋግጸልኩም። እንተደሊኹም`ግን ትኽእሉ ኢኹም።

**ውሳነ ክሳብ ዝውሰድ ጽንዓቱ ንምርግጋጽ ዝተዋህበ ናይ እንጂነሪንግ ምኽሪ (ኣብ ጉንበት ዝተሓትመ) ብምኽታል ኣብቲ ታወር ዝግበር ናይ ውሑስነት ዕዮታት ክቕጽል ወሲነ ኣለኹ ። እዚ ብዛዕባ ናይቲ ታወር መጻኢ ምሳኹም ክንዛረብን፣ ትብልዎ ክንሰምዕን ተወሳኺ ግዜ ክህበና እዩ።** ኩሎም እቶም ዝተፈላለዩ ድምጽታት ክስምዑ እየ ዝደልይ። እዞም ምምይያጣት እቲ ውሳነ ዝብጽሓሉ መንገዲን ግዜን ንምፍላይ ክሕግዙ እዮም። ጎድኒ እዚ፣ ነቶም ዝገለጽኩሞም ካልኦት ኣገደስቲ ጸገማትን ዘተሓሳስቡኹም ነገራትን ክርእዮም እየ። ብፍላይ ከኣ፡

- ብዛዕባ ናይቲ ታወር ህሉው ኩነታት ግልጽነትን ርኡይነትን ናይቲ ናይ እንጂነሪንግ ምኽሪ ተወሳኺ ዘይወገንተኛ ዳግመ ምርመራ
- ፍትሒ ናይቲ ጉዕዞ ቀንዲ ክፋል ምኳኑን፣ እቲ ምርመራ ወይ ናይ ፖሊስ ምርመራ ከይተዛዘመ ዝግበር ነቲ ታወር ናይ ምፍራስ ተግባር፣ ነቲ ናይ ገበን ምርመራ ወይ ምርመራ ጽልዋ ከምዘይስዕበሉ ምግባር። ቀጺለ ካብ ዝወስዶም ስጉምትታት፣ ንዓኹም ተወሳኺ መረጋገጺ መታን ክህበኩም፣ ምስ ፖሊስ፣ መርማሪ ኣካልን ካልኦት ወኪላት ፍትሒ ብምትሕብባር ክሰርሕ እየ።

ንበዓል መዝታተይ **ኩሎም ሰባት ርእይቶታቶም ብዝሓሸ ክገልጹሉ ዝኽእሉ ኣካይዳ ስራሕ ንምምዕባል ንምሕጋዝ ምሳኹም ብምትሕብባር፣ ኩሎም ዘለዉ መንገድታት ክጥቀሙ** ሓቲተዮም ኣለኹ።

ኣብ መጀመርታ ናይ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ናይ ካብዚ ዕዮ እንታይ ክትጽበዩ ከምትኽእሉ ዝርዝር፣ ከምኡ`ውን ምሳኹም ምይይጥ ንገብረሎም ዝተፋላለዩ መንገድታትን ርእቶታትኩም ዝሕሰበሎም መንገድታትን ዝርዝር ብዝምልከት እንደገና ክጽሕፈልኩም እየ።

ዝተጎድአ ሰብ ዘለዎም ሰባት፣ ካብ ሓደጋ ዝተረፉ ከምኡ`ውን ነበርቲ ብዛዕባ እቲ ታወር ዝተፋላለዩ ርእይቶታት ከምዘለዉዎም ይርድኣኒ እዩ፣ ከምኡ`ውን ንገለኹም እቲ ታወር ከምዘለዉ ንዝነውሐ ግዜ ቀይሙ ከምዝጸንሕ ዝሕብር ዜና ዘይትደልይዎ እዩ። እቲ ታወር ንመጻኢ እንታይ ይኹን ብዛዕባ ዝብል ምይይጥ ድምጽኹም ሕጂ`ውን ኣገዳሲ እዩ። ነቶም ኣብ ጥቕኡ ዝነብሩ፣ ዝሰርሑን ዝመሃሩን፣ ተግባራቶም ብዘይ ፍርሒ ክቕጽሉ ከምዝኽእሉ ከረጋግጸሎም ይደልይ። ወላኳ እቲ ታወር ዝተሃስየ ህንጻ እንተኾነ፣ እቲ ኹነታቱ ምስ ግዜ እንዳገደደ ክኸይድ እዩ። ክሳብ ሎሚ ዝወሰድናዮም ስጉምትታት፣ ንኣብነት ነቲ ታወር ምሸፋን ከምኡ`ውን ብተወሳኺ ምድጋፍ፣ ነቲ ታወር ጽንዓትን ውሑስነትን ንኽህልዎ እዩ። እቲ ብቐጻሊ ዝካየድ ምክትታል፣ እዚ እንተተቐይሩ፣ ዝኾኑ ዘድልዩ ለውጥታት ብዝምልከት ብቐጥታ ክንሕብር ክንክእል ኢና ማለት እዩ።

ኣብ 2018 ዝተፈረመሎም ስምምዓት ማለት መንግስቲ ኣግባብ ዘለዎ መዘከርታ ኣብቲ ቦታ ምስራሕ ብዝምልከት ነቲ ማሕበረሰብ ኣብ ማእከል እቲ ጉዳይ ንምእታው ዘለዎ ጽንዓት ከምኡ`ውን ብዛዕባ ግረንፈል ታወር ንመጻኢ ዝውሰዱ ውሳነታት ብኸምይ መልክዕ ክርኣዩን ክውሰዱን ኣለዎም ዝብል ዳግምከረጋግጽ ይደልይ። እዚ ናይቲ ቦታ ምምሕዳር ወይ ዝኾነ ነቲ ታወር ናይ ምፍራስ ውሳነታት ናይቲ ቦታ ድሕነትን ውሑስነትን፣ ከምኡ`ውን ነቲ ዝካየድ ዘሎ ናይ ፖሊስ ምርመራታትን ምርመራን ቀዳምነት ዝህቡን ምኳኖም የጠቓልል። እዚ ዝግበሮ፣ ውሳነታት ነቲ ናይ ገበን ፍትሒ ወይ ናይ ምርመራ መስርሕ ኣብ ስግኣት ከምዘየእትዉ

ንምርግጋጽ እዩ። ኣብዚ ኣገዳሲ ጸገም ዝግበር ስራሕ ጥንቃቐ ዝግበረሉ፣ ከምኡ`ውን ግረንፈል ታወር ነቶም ዝተጎድኡ ኣባላት ዘለዎም ቤተሰባት፣ ካብ ሓደጋ ዝተረፉን ናይ ከባቢ ማሕበረሰብን ዘለዎ ኣገዳስነት ብሙሉእ ዘኽብር ክኸውን ኣለዎ። እዚ ኣብ 2018 ከምዝነበሮ፣ ኣብዚ ግዜ መንግስቲ ናይ ዝወስዶም ስጉምትታት ህሉውን ትኽክልን ኣካይዳ ምኧኑ ካብ ምርግጋጽ ድሕር ኣይብልን እየ።

ብዛዕባ ናይ ግረንፈል ታወር ዝግበር ዝኾነ ምይይጥ ኣጸጋሚ ክኸውን ከምዝኽእል ይርድኣኒ እዩ። ተዛርብዎ ሰብ ትደልዩ እንተኾይንኩም፣ እቲ ናይ ግረንፈል ናይ ጥዕናን ድሕነትን ኣገልግሎት ንቆልዑትን ዓበይትን ዝኸውን ናጻን ምስጢራውነት ዝሕልውን ናይ ኤን ኤች ኤስ ኣገልግሎት እዩ። በዚ ክትድውሉሎም ትኽእሉ ኢኹም **020 8637 6279**፣ ኢመይል **grenfell.wellbeingservice@nhs.net** ወይ ናብዚ እተዉ **grenfellwellbeing.com.**

ሕጂ`ውን፣ ነቶም ኣብዞም ዝሓለፉ ክልተ ኣዋርሕ ግዜኹም ሰዊእኩም ዝረኸብኩምኒ ከመስግነኩም ይደልይ። እቶም ግላዊ ታሪኻት፣ ቅንዕና ከምኡ`ውን እዚ ማሕበረሰብ ፍትሒ ንምርካብ ዘርኣዮ ነቕ ዘይብል ቆራጽነት ዘለዎ ጽንዓት ልበይ ተንኪፍኒ ኣሎ። ኣብዚ  ናይቲ ሓደጋ ራብዓይን ፈረቓን ዓመት መዘከርታን ከምኡ`ውን ዝመጽእ ዘሎ በዓላት፣ ሓሳባተይን ጽቡቕ ምንዮተይን ምሳኹምን ምስቤተሰብኩምን እዩ።  ኣብ ሓድሽ ዓመት ዳግም ምሳኹም ክራኸብ ይጽበ።

**ምስ ጽቡቕ ምንዮት፣**



**Rt Hon Michael Gove MP**
**Secretary of State for Levelling Up, Housing and Communities**
**and Minister for Intergovernmental Relations**